# ንዑቐኣባ ዝሓተቱ ዓበይትን ንስድራቤታት-ቈልዑን ዝምልከት ሓበሬታታት ብዛዕባ ግዜታት ትጽቢት

**ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ቃለመሕተት ዝካየደሉን መልሲ ዝወሃቦን መንዩ፧**

**ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ታሕሳስን ጥርን ኣብዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ጉዳያት ኢና ክንጸምድ፡**

- ንመብዛሕቲኦም ነቶም ኣብ ዓመተ 2023 ዑቑኣባ ዝሓተቱ ቃለመሕተት ከነካይደሎም ኢና። ቅድሚ ሓድሽ ዓመት ዘሎ ግዜ ኩሎም ቃለመሕተት ዘካይዱ ዕለት ክፍለየሎም ኢዩ፡ ቃለመሕተት ዘካይድሉ ዕለት ግና ኣብ ወርሒ ጥሪ ክኾውን ዝኽእል'ዩ።

- መልሲ ንመብዛሕትኹም ነቶም ቃለመሕተት ዘካየድኩም ክንህብ ኢና። ንመብዛሕቲኦም ነቶም ኣብ ዓመተ 2023 ዝመጻእኩም መልሲ ንምሃብ ኣይከነርክበልኩምን ኢና፡ ነቶም ዝነውሐ ዝጸንሑ ግና ብቐዳምነት ክንሰርሖም ኢና።

- ነቶም ብፍሉይ ከም ተኣፈፍቲ እንቈጽሮም ቃለመሕተት ከነካይደሎምን መልሲ ጉዳዮም ክንህቦምን ኢና። እዚ ወላ ነቶም ኣብ ዓመተ 2024 ዑቑኣባ ዝሓተቱ ዝምልከት ክኾውን ዝኽእል ኢዩ።

## ስለምንታይ ኢዮም ገሊኦም መልሲ ጉዳዮም ቅድመይ ዝወሃቦም፧

ኣብ መልሲ ምሃብ ነቶም ዝነውሐ ዝተጸበዩ ኢና ብቐዳምነት ንሰርሖም። ናይ ገሊኦም ጉዳያት ግና፡ ካብ ናይ ካልኦት ጉዳያት ቃለመሕተት ንከነካይደሎምን ጉዳዮም ርኢና መልሲ ንክንህቦምን ዝያዳ ግዜ ዝወስደልና ኣሎ። ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ወላ ተጸበ ድኣ'ምበር፡ ጉዳይካ ተረሲዑ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ሓደ ጉዳይ ንክረኣን ክውሰንን ግዜ ክወስደሉ ዝኽእል ምኽንያታት ከምዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡

- እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንጉዳይካ ዝያዳ ከነጻርዮ ኣድሊዩና፡ ኣጻሪና ወዲና ክሳብ መልሲ ንህበካ ግዜ ክበልዓልና ይኽእል ኢዩ።

- እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይካ ብካልእ ሃገረ-ደብሊን ክረኣን ክውሰንን ኣለዎ ክብል ገምጊምዎ፡ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምናልባሽ ቃለመሕተት ንከተካይድ ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ክትጽበ ትግደድ ትኾውን ኢኻ።

ቃለመሕተት ዘየካየድካሉ ወይ እውን መልሲ ዘይተዋሃብካሉ ካልእ ምኽንያታት ኮይኑ፡ ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት እንታይ ከም ምዃኑ ብዝብል ንጠበቓኻ ንሕብሮ ኢና።

ነዊሕ ክትጽበ ከቢድ ከም ምዃኑ ዘይርድኣና ኣይኮነን፡ ኩሎም እንርእዮም ጉዳያት ሕቶ ዑቑኣባነት፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ዝቐልጠፈ ንምስላጥ ኣበርቲዕና ኢና ንጽዕር።

ጉዳይየ መዓስ ኢዩ ዝውዳእ ኢልካ ንክትሓትት ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ። መልሲ ጉዳይካ ንጠበቓኻ ኢና ንሰዶ።

### ግጼ ትጽቢት ንምሕጻር ብወገነይ ክገብሮ ዘድልየኒ እንታይ’ሎ፧

### ዘለካ ሰነዳት መንነት ኣብ ዝቐልጠፈ ከም ዝበጽሓና ብዕቱብ ጽዓር

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ። ሰነዳትካ ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ። ነቶም ዘለውኻ ሰነዳት ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል ኢዩ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ ናብቲ እተካይዶ ቃለመሕተት ክትማልኦ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትሰዶም ትኽእል ኢኻ፡ Utlendingsdirektoratet (UDI), Postboks 2098 Vika, 0125 Oslo። እትሰደልና ሰነዳትካ ብቍጽሪ-DUFካ ኣመልክተሎም። ነዚ ንምስላጥ ወኪልካ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

## ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ብዕለት 15 ሕዳር 2024 ዝተሓደሱ’ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንዕለት 1 ለካቲት 2025 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ’ውን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ይሕደስ’ዩ።